ዝተውሃለለ ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን (ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-ESST)

አብ ስራሕ ዝውዕል 1 ጥሪ (Jan.) 2024

እዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) እንታይ ማለት እዩ?

ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ (ESST) ማለት አስራሕቲ ሚኖሶታ፤ ንሰራሕተኛታቶም ክህቡዎም ዝግባእ፤ ደሞዝ ዝኽፈሎ ናይ ስራሕ ፈቓድ እዩ፤ እዚ ፈቓድ ስራሕ ሰራሕተኛታት ንዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ። እቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ አባላት ስድራቤቱ ኪሓሙ ከለው ወይ ድማ አብ ልዕሊኡ ኮነ አብ ልዕሊ አባላት ስድራቤቱ ዝኾነ ዓይነት ዘቤታዊ ዓመጽ (domestic abuse) ወይ ጾታዊ ዓመጽ(sexual assault) ወይ ድማ ናይ ቀጻሊ ምክትታል(stalking) ገበን ኪፍጸሞ ከሎ ሓገዝ ንምሕታትን ንምርካብን ዝውሃቦ ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን እዩ።

እዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝተብሃለ ፍቓድ ስራሕ ዝኽፈል ልክዕ ከምቲ ብሰዓት እናታሓሰበ ዝኽፈል ስራሕ፤ ንሱ'ውን በሰዓት እናተሓሰበ ዝኽፈል እዩ።

ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝብሃል ፈቓድ ንምርካብ ብቑዕ ዝኾውን መን እዩ?

ሓደ ሰራሕተኛ ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝብሃል ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን ብቑዕ ዝከውን፤

- አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንሓደ አብ ሚኖሶታ ተቐማጣይ ዝኾነ አስራሒ እንተውሓደ 80 ሰዓታት ዝሰርሐ ሰብ
- ናጻ በዓል ኮንትራት ኪኾውን አይግብኦን እዩ።

ግዜያዊ ሰራሕተኛታትን ብመዓልቲ ቁሩብ ሰዓታት ዝሰርሑ ሰራተኛታት'ውን ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ብቑዓት እዮም።

ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ምውሳድ ብሕጊ ዝተከልከለ እዩ።

ሓደ ሰራሕተኛ አብ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ሕጊ ዘለዎ መሰል ተጠቒሙ ናይ ሕማም ፈቓድ እንተወሲዱ፤ ኣስራሒኡ ዝኾነ ዓይነት ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ኪወስድ ወይ ድማ ዝኾነ ዓይነት አሉታዊ ተግባር ኪፍጽም ዘይሕጋዊ እዩ።

ከመይ እዩ ነዚ ናይ ሕማም ይኹን ናይ ሓለዋ ድሕነት ፍቓድ (የኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ምውህላልን ምውሳድን ዝከኣል?

- አስራሓይ በቲ ሕጊ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዘፍቅዶ መሰረት እንተዘይከይዱ፤ ሰራሕተኛታቱ ነንዝሰርሑሉ 30 ሰዓታት፤ እንተውሓደ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ፍቓድ ስራሕ ከዋህልሉ ይኽእሉ።
- እዚ ፈቓድ ስራሕ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) እቶም ሰራሕተኛታት ስራሕ ካብ ዝጀመሩሉ መዓልቲ ኪውህለል ይጅምር። እቶም ሰራሕተኛታት 'ውን ነቲ ዘዋህለሉዎ ፈቓድ ስራሕ አብ ዝደለይዎ ግዜ ኪወስዱዎ ይፍቀደሎም።
- አስራሕቲ፤ ነፍስወከፍ ሰራሕተኛ አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እንተውሓደ 48 ሰዓታት ግዜ ዕረፍቲ (ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን) ከዋህልል ከፍቅዱ አለዎም። እቲ ሰራሕተኛ ካብቲ ዘዋህለሎ ፈቓድ አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ተጠቒሙ እንተይዘይወዳኦ፤ እቲ ዝተረፈ ሰዓታት፤ ካብ 80 ሰዓታት ዘይበዝሕ፤ ናብቲ ዝቅጽል ዓመት ኪማሓለለፈሉ ከፍቅዱ ይግባእ።
- ሓደ ሰራሕተኛ ካብቲ ዘዋህለሎ ግዜ ዕረፍቲ ብተኽታታሊ ካብ ሰለስተ መዓልታት ንላዕሊ ካብ ስራሕ ዘትርፎ ፈቓድ እንተሓቲቱ እቲ አስራሒ፤ ነቲ ምኽንያት መተረፊኡ ዘርድእ ወረቐት ከምጽእ ኪሓቶ ይኽእል።

ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝብሃል ፈቓድ እንታይ ዝኣመሰለ ጉዳያት ከጋጥም ከሎ እዩ እቲ ሰራሕተኛ ኪጥቀመሉ ዝኽእል?

እዘን ዝስዕባ ምኽንያታት ከጋጥማ ከለዋ እቲ አብ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ተሓንጺጹ ዘሎ ፈቓድ ኪጥቀመሉ ይክኣል፤

- ባዕሉ እቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ አባል ስድራቤቱ ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ ዝኾነ ካልእ አካላዊ ሕማም ከጋጥሞ ከሎን ወይ ድማ ንኽይጋጥሞ ናይ ምክንኻን ስጉምቲ ኪወስድ አብ ዝግባኦን ኪጥቀመሉ ይኽእል።
- አብ ልዕሊኡ ኮነ አብ ልዕሊ አባላት ስድራቤቱ ዘቤታዊ ዓመጽ (domestic abuse) ወይ ጾታዊ ዓመጽ (sexual assault) ወይ ድማ ቀጻሊ ናይ ምክትታል(stalking) ገበን ኪፍጸሞ ከሎ ካብ ስራሕ ምስ ዝተርፍ
- ብምኽን ያት ሕማቅ ኩነታት አየር ወይ ድማ አብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ሓደጋ እቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ አባል ስድራቤቱ ዝኾነ ሰብ ዝሰርሓሉ ቦታ ወይ ዝምሃረሉ ቤት ትምህርቲ እንድሕር ተዓጺዩ

ፈቓድ ሕማም
ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ አካላዊ ሕማም ምስዘጓንፍ ወይ ድማ ንኽልቴኡ ሕማማት ንምውጋድን ክንክን ንምግባርን ዝውሰድ ፈቓድ ስራሕ

ፈቓድ ሓለዋ ድሕነት
ንዘተፈጸመ ዝኾነ ዓይነት ዘቤታዊ ዓመጽ (domestic abuse) ወይ ጾታዊ ዓመጽ (sexual assault) ወይ ድማ ናይ ቀጻሊ ምክትታል(stalking) ገበን ንምክታታል ግዜ ከደሊ ከሎ

ሕዳር (November) 2023

DEPARTMENT OF LABOR AND INDUSTRY

651-284-5075 • 800-342-5354 • esst.dli@state.mn.us • dli.mn.gov/sick-leave

መዘኻኸሪ፡ እዚ ብዛዕባ ሕጊ ሚኖሶታ ሓጺር መግለጺ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ ከም ሓደ መምርሒ ኪጠቅም መንታን እምበር ከም መተካእታ ገለገለ ሕግታት ሚኖሶታ ኪውሰድ የብሉን።